# ሓጅ፣ ዕላማታትን ትምህርትታን

ኣዳላዊ ዶር. ሓሰን ሰልማን

# بِسْمِ اللَّهِ الرَّحْمَٰنِ الرَّحِيمِ

## ብስም ኣላህ እቲ ኣዝዩ ራህራህን ኣዝዩ ርህሩህን

**ኩሉ ምስጋና ን ኣላህ፣ ሰላምን ወደሳን ንእሙን ልኡኽን (ሙሓመድ) ንስድራቤቱን ንብጾትን ብዘይ ዓቀን።**

ከምቲ ኩሉ ኣስላማይ ዝፈልጦ፣ ካብቲ ኣብ ሸሪዓ ንጹርን ዘየካትዕን ነገር፣ እስልምና ኣብ ሓሙሽት ዓንዲታት ዝተመስረተን ዝቖመን ኮይኑ፣ ሓደ ካብ ኣተን ከኣ እቲ ከም ሓምሻይ ዓንዲ ዝፈልጥ፣ ሓጅ ኢዩ።

ብሸሪዓዊ ግዴታታት፣ ኩሎም እቶም ዕዮታት ጽድቂ ክገብሩ ዝተኣዘዙን ዓቕሞም ዘፍቅደሎምን፣ ነቲ ተግባር ናይ ሃይማኖት ቅድሚ ምግባሮም እቲ እሩም ኣገባብ ናይ ኩሉ ሽዒራ (ግብሪታት-ጽድቂ) ብዝበለጸ ክፈልጡ ይግባእ። ብሓፈሻ፣ ደንቢ ወይ መሪሕ ናይ ሸሪዓ፣ ክበጽሖ ዘለዎ ዕላማን፣ ልቦናን፣ ዘባኽሱ ነገራትን ኣሎ። ነዚ ድማ እቲ ዝፈልጦ ፈሊጦዎ ኮ እንተኾነ ዘይፈለጦ ግን ኣይፈልጦን ኢዩ።

እቲ ሕድሪ ናይዚ ቁዱስ-ጊብሪታት ዝተዋህቦ ሰብ፣ ኩሉ ግዜ ዕላማ ናይቲ ሰማያዊ ትእዛዝ ፈሊጡ ብዝበለጸ ከማልእን፣ ምስቲ ድልየት ሸሪዓ ብዝቃደው ሕጋታት ከተግብርን ወትሩ ዪጽዕር። ምኽንያቱ፣ ዕላማታት ናይ ሸሪዓ ኣብቲ ደንቢታት (ኣሕካም) ተጸምቢሩ ስለ ዝርከብ።

ነዛ ጽሕፍቲ ንዳሉ ዘለና እምበኣር፣ ካብ ክቱር ድልየትና ንምፍላጥ ደቢታት ሓጂ ንምፍላጥ ሃረርታ ስለዘሎና፣ ከምኡ`ውን ንዝጸንሐ ካብ ኩሉ ናይ ሓጅ-ፊቂህ መጻሕፍቲ ንረኽቦ ሓበሬታ ንምርጓድን ኢዩ። በዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ኣላህ ባዕሉ ነቶም ነጋድዩኣን-ቤቱ (ሓረም) ክጠቕም ትምኒትና ኢዩ።

## ሓጂን እንታይነቱን፣ ሕጋዉነቱን

ብስነ ቛንቛ፣ ሓጅ ማለት ሓደ ነገር ንምግባር ናብ ሓደ ቦታ ምኻድ ክበሃል ይከኣል። ብዓይኒ ሸሪዓ ድማ፣ ሓጅ፣ ነቲ ኣብ ኪታብን (ቁርኣን) ሱናን (ሓዲስን) ዘሎ፣ ከምኡ`ውን መላእ ምእመና ዝተሰማምዕሉ ሓምሻይ ዓንዲ ናይ ኢስላም ኮይኑ፣ ናብ ቤት ናይ ኣላህ፣ ን ኣላህ ግዙእነት ንኽኸውን ብምምዳብ ዝግበር ግስገሳ ወይ ድማ ንግደት ኢዩ።

ኣላህ ዪቢል፥

**"ግዴተ ከኣ ኣለዎም ንደቂ-ሰባት፣ ነቲ ቤት ክነግዱ።** ኣል ዒምራን 97

ነቢ ሙሓመድ (ሰዓወ) ውን ይብል፥

**"እስልምና ብሓሙሽተ ቆይሙ...... (መጠረሽተኡ) ክእለት ዘለዎ ነቲ ቤትን(ናይ መካ) ክአ ምንጋዱ።**

ቡኻሪን ሙስሊምን

እዛ ኡማ፣ ብኹላ ኣብ ጉዳይ ሓጅ ሰሚራን ኣሚናን ኢያ። ሓጂ'ውን እቲ ሓምሻይ ካብ ዓንዲታት ናይ እስልማ ምኳኑ ኩሉ ኣሚኑ ኢዩ። ነዚ ዝጸረሩ ድማ ኽሒዱ ኢዩ።

<u>*ሓጅ፣ ዕላማታትን ትምሂርትታትን*</u>

1. <u>*ምርጊጋጽ ተውሒድን ምንጻግ ሽርክን*</u>

እዚ ዕላማ እዚ፣ እቲ ዝዓበየ ዕላማ ናይዚ ሓጅ ዝበሃል ተግባር ኮይኑ፣ እቲ ቀንዲ ጠንቂ መህነጺ እቲ ቤት'ውን (ካዕባ) ኢዩ።

ኣላህ ይብል፥

> **"ንኢብራሂም ቦታ ናይቲ ቤት ምስ ኣርኣናዮ ፣ ድማ ዝኾነ ሺርካ ምሳይ ንኸይቲገብር (በልናዮ)፣ስለ እቶም ዝጥዉፉን፣ ዝሰግዱን፣ ዝደኑን ከምኡ'ውን ድፍእ ዝብሉን ንቤተይ ድማ ኣንጽህ ።"** ሱራት ኣል-ሓጅ 26
> ኣላህ'ውን ይብል:
> **"ኢብራሂም'ውን ምስ በለ፣ ጎይታይ ነዚ ዓዲ-ኣማን ግበር፣ ንዓዪን ንደቀዪን ንዝኾነ ጣኦታት ከይንጊዛእ 35 ጎይታይ ንሰንሲ ንክንደይ ሰባት ኣስሒተን ኢየን፣ እሞ እቲ ዝተኸለኒ ንሱስ ካባይ ኢዩ፣ እቲ ዘይተማእዘዘኒ ግን ኣለኻዮ ንስኻ እምብዛ ሓዳጊን ርህሩሂን ኢኻ።"** 36 **ጎይታና፣ እነሆኹ ካብ ዉሉደይ ኣብ ሓደ ዘርኢ ኣልቦ ኩርባ ኣብቲ ጥቃ ሕሩም ቤትካ ኣሰፊረ፣ ጎይታይ፣ ሰላት (ስግደት) ከቁሙሲ ልቢ ሰባት ናብኣቶም ከምዝዝምቢ፣ ምእንቲ ከመስግኑ ድማ ካብ ፍርያታት ርዘቆም።** 37

እቲ ንኣሕካም (ደንቢታት) ናይ ሓጅ ዝዕዘብ፣ ንተውሒድ (ሓደነት ኣላህ) ኣብ ኩሉ መዳይ ተጋሂዱ የስተብህል፣ ከም ኣብነት፣

- ኣል-ተልብያ፣ (ለበይክ ላ ሸሪከ ለከ) (ተማእዘዝኩኻ ዘይቢልካ ሺርካ ንዓኻ)
- ኣብ ሰላት ናይ ጠዋፍ፣ ንሱረት ኣል ኢኽላሲን፣ ኣል ካፊሩን መሪጽካ ምቅራእ።
- ታህሊል (ላኢላህ ኢላ ኣላህ እናበልካ ኣብ ምድያብ ጉዕዞ ሰፉን መርዋን)
- ኣብ ዓረፋትን ሙዝደሊፋን ዝጊበር ዱዓእን ካልእ ኩሉ ዝተረፈ መናሲኪን (ቅዱስ-ግብሪታት)

ብሳላ ተውሒድ ከም ዓቂዳ (እምነት) ስለ ዝተመረጸ፣ ከም ማእከላዩን ዘየካትዒን ሓሳብ መጠን፣ ኩሎም እቶም ኣሻሓት ሙስሊሚን ከወሃሃዱ ከኣሉ። ከም ውጽኢቱ፣ ኣብ ሓደ ግዜን

ቦታን ሰሚሮም ይርኣዩ። ክንደይ`ውን፣ ኩላ እዛ ናይ ሎም-ዘበን ኡማ፣ ነዚ ዕላማ ናይዚ ማእከላይ ሓሳብ (ተውሒድ) ተረዲኣ ተትጥርነፍ፣ እቲ ታሪኻን ክብራን ክምለሰላ ምተኻእለ።

2. <u>ምርግጋጽ "ኢድካ ናብ ኣላህ ምሃብን" (ምስላም) ኣቢነታዊ ተኸትሎ ምጥራዑን</u>

ኣላህ ይብል ፡

**"ንይታና፣ናባኻ ሰለምቲ ግበረና፣ ካብ ወለዶና`ውን ናባኻ ሰለምቲ ኣህዛብ ግበር፣ መናሲክን (ቁዱስ ጊብሪታቲ) ውን ኣግሂደልና ቶባ`ውን በለልና፣ ንስኻሲ፣ እቲ እምብዛ ቶዋቢን ርህሩህን ኢኻ።** በቀራ 128

ሓደ ካብቲ፣ ተግባራት ሓጅ ዝምልከቶ ሰብ ዝቀስሞ ትምህርቲ፣ ምስላምን ኣብነታዊ ተኸትሎ ኢዩ። ወላ ነቲ ምስጢር ናይቲ ግብሪ ኣይፈልጢን ኮይኑ፣ ነቲ ተግባር ከም ትእዛዝ ናይ ሽሪዓ መጠን ክቅበሎ ኣለዎ። ኣብዚ ከነስተብህለሉ ዘለና ዘረባታት፣ ጥቕሲ ናይ ኸሊፋ ዑመር (ረ.ዓ.) ኢዩ። እዚ ዝስዕብ ንሱ (ረዓ) ነቲ ሓጀር ኣል ኣስወድ ዝተባህለ እምኒ እናሰዓመ እንከሎ ዝበሎ ኢዩ፡

"እወ እፍለጥየ እምኒ ምኺንካ፣ ኣይትጎድኣኒ ኣይትጠቅመኒን፣ ነቢይ ሙሓመድ (ሰዓወ) ክስዕመካ እንተዘይርእየ`ውን ኣይምሰዓምኩኻን።"

ኢብን ሓጀር ነዚ ዘረባ ናይ ዑመር ኣመልኪቱ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡

"ኣብዚ ዘረባ ዑመር ኣብ ጉዳይ ሃይማኖት ነቲ ትእዛዝ ክትስልምን፣ ብልሓት ዘይበርሃልካ ብቀጥታ ምኽታልን የርኢ። እዚ ከኣ ቀንዲ ሕጊ (ቃዒዳ) ኣካታትላ ነቢዩና (ሰ.ዓ.ወ.) ኣብቲ ዘተግብሮ ነገራት ወላ`ውን ጥበቡ ኣይብርሃልና።" (3/463)

ኢማም ኢስማዒል ኣላ ኣስፋሃኒ ረሒመሁ ኣላህ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፡

"ካብቲ መንገዲ ናይ ኣህል ኣልሱና`ውን፣ ሓደ ሰብ ንኹሉ እቲ ካብ ኣሰር (ሓድስ) ዝሰምዖ ብእዝኑ ዓቅሉ ግን እንተዘይበጸሖ፣ ተስሊም ክገብርን፣ ክኣምንን፣ ዕግበት ገይሩ፣ ንስምዒቱ ኮነ ብርእይቶኡ ክንቀሳቀስ የብሉን።" ኣልሓጅ ፊ በያን ኣልመሓጃ (21435)

ኢብን ኣልቀዪም`ውን ብዛዕባ ሕገ-ተስሊም (ምስላም) ኣመልኪቱ ነዚ ዝስዕብ ይብል፣

"ንኣላህ ተገዛእነት (ዑቡድያ) እምነት ብኣላህን መጽሕፍቱን፣ ልኡኻቱን፣ ኣብ ተስሊም (ኢድካ ምሃቢ ንኣላህ) ዝተመስረት ኢዩ። ብዛዕባ ደቂቅ ዝርዝራትን እንታይነት ትእዛዛትን ሕጊታትን.......ወዘተ ውን ዘይምሕታት።"[1]

ኣብ ኩሉ ናይ ዒባዳታት ተግባራትን (ኣብ መንጎ ውልቀ ሰብን ፈጣሪኡን) ሓደ ንጹር ሕጊ ወይ ቃዒዳ ኣሎ። ተስሊም ጌርካ ንኹሉ ዝርዝራዊ ሕቶታት ናይ እንታይነትን ዕላማን ዘይምፍልሳፍ፣ ኣብ ናይ ሙዓመላት ግን (ኣብ መንጎ ደቂ ሰባት ዘሎ ግብሪ) በኣንጻሩ ኢዩ። ይኹን እምበር፣ መብዛሕትኡ ናይ ዒባዳታት-ግብርታት፣ ጠንቁን መልዓሊኡን ጥበቡን ፍልጥን ንጹርን ኢዩ። ሓደ ካብቶም ነዚ ትንታነ ዝድግፉ፣ ኢብን ኣልቀዪም ኢዩ።

---

[1] ኣል ሰዋዒቅ 1561—1560 /4

**ዒባዳት ኣብ ክልተ ዝቆመ ኢዩ፣**

- ምሉእነት ፍቅርን ፍትወትን (ን ኣላህን ኢስላምን)
- ምሉእነት ትሕትናን ተመራሕነትን።

ኣላህ ይብል፥

**"እምበር ብጎይታኻ (እምሕል) "ኣይ ኣምኑን ኢዮም ክሳዕ ኣብ መንጎኦም ንዝገጠሞም (ንዓኻ) ከም ፈራዲ ዘይገበሩኻ፣ ክሳብ'ውን ብዝፈረድካዮ ኣብ ውሽጦም ሕርኽራኽ ዘየጥፈኡን፣ ድማ እንተዘይ ሰሊሞም ሰናይ ኣሰላልማ።"** ኣል ኒሳእ 65

ኣላህ'ውን ይብል፡

**"እሞ ናብኡ ሰልሙ፣ ነቶም ሙኽቢቲን ድማ ኣበስሮም።** ሱራህ ኣል-ሓጅ 34

እዘን ዝተጠቀሳ ኣያት፣ ነቲ ማእከላይ ሕጊ ናይ ሓጅን እቲ ዕላምኡን ዝገልጻ ኢየን።

3. <u>ምኽባር ሽዓኢርን ሕሩማትን (ቅዱስ ተግባራቲን)</u>

ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ትምህርቲታቲን ዕላማታትን ናይ ሓጅ፣ ትእዛዛ ኣላህ ብምፍጻም ምኽባር ሽዓኢርን ሑሩማትን ኢዩ። እዚ ዝጅምረሉ ግዜ ከኣ ኣብ ኢሕራም ምእታው፣ ንውልቀ ሰብ ቅድም ኢሕራም ሓላል ዝነበረ (ጨና፣ ጾታዊ ርኪብ፣ ምልጻይ፣ ሃድንን ካልእን ዓይነት ነገራት) የወግድ።

እቲ ሓጃጂ ናብ ሓጅ ክቢገስ እንከሎ ነቲ ጻውዒት ናይ ራሕማን (ኣላህ) ኣኽቢሩ ናብቲ ሸነኽ ናይቲ ሓራም በይቱ የምርሕን፣ ኣብ ኩሉ ናይ መናሲክ ምንቅስቃሳት ከኣ ን ረቢ ይዝኪርን የመስግኖን። ኣላህ ዪብል፣ ገለ ካብቲ ተግባራት ናይ ሓጅ ድሕሪ ምዝካሩ፣

**"ከምኡ'ውን እቲ ናይ ኣላህ ሽዓኢር ዘኽብር ንዑኡ ዝበለጸ እዩ።"**
ኣላህ'ውን ይብል፥
**"ከምኡ'ውን ነቲ ሽዕኢር ናይ ኣላህ ዘኽብር ምልክት ፍርሕን ንጽህና ልብን ኢዩ።"**[2]

ሕጋታት ሓጅ (ሕሩማት) ክቡር ዝኾነሉ ምኽንያት፣ ክብሪ ናይ ቦታን (መካ) ክብሪ ናይ ግዜን ስለ ዘሎ'ዩ፣ እቲ ብልሚ ወይ ዓስቢ ሰናይ ምግባር'ውን ብዕጽፊ ኢዩ ዝሕፈስ።

ኢብን ኣልቀዪም ኣልጀውዚ ነዚ ዝስዕብ ይብል፡

"መንፈስ ናይ ዝኾነ ዒባዳ፣ ኣኽብሮት ናይ ኣላህን ፍቅሩን ኢዩ፣ ሓደ ካብዚኣተን ምስ ዘይማላእ ከኣ ይበላሾ።"[3]

4. <u>ብሳላ ምኽታል ነብይ (ሰዓወ) ምርጊጋጽ ፍትወት ኣላህ ምትንጻፍ</u>

---

[2] ሱረት ኣልሓጅ 30-32

[3] ኣልሚድራጅ I-495

ናይ ልዑል ኣላህ ፍቅሪ፣ ከምቲ ድልየት ናይ ሸሪዓ፣ ብምሉእ መልክዕ ክመጽእ ንነቢ ሙሓመድ ምኽታል የድሊ።

ኣላህ ነዚ ኣመልኪቱ፣ ከምዚ ዝስዕብ ዪብል፡

**"እንተደኣ ንኣላህ ትፈትውዎ ኮይንኩምሲ፣ እሞ ተኸተሉኒ ኣላህ ክፈትወኩም፣ ሓጥያትኩም ድማ ክገድፈልኩም። ኣላህ ከኣ፣ ኣዝዩ ሓዳግን ሩህሩህን ኢዩ።"[4]**

ሙስሊሚን ንሓጅ፣ ብዝሰፈሐ መልክዑ ክመሃርዎ ዝኽኣሉ። ነቲ ናይ ነቢ ሙሓመድ ኣገባብ ሓጅ ከም ኣብነት ስለ ዝተኸተሉ ኢዩ። ነቢይ ይብል፣

**"ኣገባብት ናይ ሓጅ ካባይ ውሰዱ"** ሰሒሕ ጃሚዕ

በቲ፣ እቲ ነቢይ ዝገበሮ ብግዜ ሓጅ ተኸቲሉ ዝሰረሐ፣ ካብቲ ክብ ዝበለ ጸጋታት ተቋዲሱን፣ እቲ ተኸታልነት ናይ ነቢ`ውን ኣረጋጊጽዎ እዩ። ብሳላ እዚ፣ ንሱ ፍትወት ናይ ኣላህ ይረክብን፣ ፍቅሪ ከኣ ናይ ልቢ ነገር ካብ ኮነ፣ በቲ ብግዳም ዝጊበር ስራሕ ጥራይ ኢዩ ክግለጽ ዝከኣል። ነዚ ዝመስል ዘረባ እቲ ገጣማይ ከምዚ በሎ፣

"ን ኣላህ እትፈቱ እናመሰልካ ትጠልሞ
እዝስ ብሓቂ ኣብ ሚዛን ኣልቦ ኢዩ
ፍቅርኻ ሓቂ እንተዝኸውን ምተማእዘዝካዮ
ብርግጽ ኣፍቃሪ ንዘፍቅሮ ተኣዛዚ ኢዩ"

## 5. <u>ሓጅ መዘከርታ ናይቲ ዘይተርፍ ግዑዞ ኢዩ</u>

ካብቲ ንሓጅ እትገብሮ ምድላዋት መገሻን ስንቅን እትጥቀሞ ኣስተምህሮ ናይቲ ጉዕዞ ኣኼራን ኣድላዪነት ስንቁን ኢዩ። ነዚ ኢዩ ድማ፣ ሓደ ሓጃጂ ወይ ነጋዲ ንፈለማይ ግዚኡ ካብ ስድርኡ ተፈልዩ ንብጾቱን ተፋንዩ፣ ንነብሱ`ውን ካብ ኩሉ ጨንቀታት ናይ ሂወት ኣሕዲጉ፣ ናብ ኣላህ ብኩሉንትናኡ፣ ናብቲ ቁዱስ ቤት ዘምርሕ እሞ፣ ዘዘውትሮ ኪዳዊንቲ ሓዲጉ ነቲ ሓዲሽ ንከፈን ወይ ጅዲድ ናይ ሬሳ ዝመስለ ክዳን ወዲዩ፣ ናብ ተልቢያ ከምዛ ሕጂ ካብ ቀብሪ ተልቢያ እናገበረ ዝወጸ ናብ ሰፈር ማሕሸር ይጽምበር (ይመስል)፣ ኣብቲ ናይ ዓረፋ ምእካብ ከኣ ከቢድ ወይ ረዚን ናይ ደው ሰልፊ`ውን ከምኡ። ኩሎም ሰባት ናብ ሓደ ቦታ፣ ተማሳሳሊ ኪዳንን፣ ኣብ ሓደ ግዜን፣ ንሓደ ፈጣሪን ብምጽዋዕ ነቲ ተርእዮ ኣዝዩ የርዝኖ፣ ክሳብ ኣላህ ብኣቶም ገይሩ ኣብ ቅድሚ መላኢኽቱ ዝምካሕ።

ኣብዚ ትርኢት፣ ርዝነትን ክብርን ዘረባ ናይ ነቢይ ሙሓመድን ግሁድ ይኸውን (**ሓጅ ዓረፋት ኢዩ**) ረዋሁ ኣቡ ዳዉድን ነሳኢን።

ምኽንያቱ፣ ኣብ ዓረፋ ደው ኢልካ ምጺባይን ኣዘካሪ ናይቲ ጸሓይ ናብ ኣራእስ ደቂ ሰባት ዝቀርበሉ፣ ፍጡራት ድማ ካብኣ ንኽፋነዉ ዋሕስ ዝኾኾኖም ደልዮም ምስ ሰኣኑ ንነቢይ ሙሓመድ ጥራይ ይረኽብዎ እሞ፣ (እዚ ምርኢት) ከምዚ ናይቲ ካብ ዓረፋ ዓሲልካ ምውራድ ኮይኑ ኢዩ ዝርኣ። እሞ፣ እዚ ተርእዮ`ዚ ክንደይ ኣብነትን ልቦናን ዝሓዘን ኮን ኢዩ። (ኣብዚ ጉዕዞ) እቲ ዝዓበይ ስንቂ ናይ ጉዕዞ፣ ተቅዋ ወይ ፍርሓት ኣላህ ኢዩ። ኣላህ ይብል፡

---

[4] ኣል ዒምራን 31

**"ስንቂ ስነቁ፣ እቲ ዝበለጸ ስንቅ ድማ ተቕዋ ኢዩ። ንዓይ`ውን ፍርሑኒ ኣንቱም ሰብ ልቦና።** ኣል በቀራ 197

## 6. ምርግጋጽ እምነታዊ ሕውነትን ጥርናፈ ሓድነትን ኣብ መንጎ ምእመናን

ሓጅ እቲ ኣብ ምርጊጋጽ እምነታዊ ሕዊነት ዝበለጸን ዝዓበየን ተራ ዝጻወት ስርሒት ኢዩ። ብሳላ ሓጅ፣ ኩሉ ዓይንተ ፍልልያት ከም ቀቢላውነት፣ ዞባውነት፣ ቋንቋዊነት፣ ቀጸላውነት፣ ዓይነት ሞያን ዝጠፍኣሉን፣ ኩሉ ሰብ ከኣ ንኩሉ ብዝምልከት ሓደ ሕግን ኣብ ሓደ ቦታ የዕራቦም ምስ ዘይኣዕራቦም፣ ሃብታማት ምስ ድኻታት (ብዘይ ኣፈላላይ) ደው ይብሉ። ኣብዚ ድማ፣ ነቲ ናይ ነቢ መደረ፣  ማዕርነት ኣብ መንጎ ደቂ ሰባት ናይ ጃሂልያ ፍልልያት ምግዳፉን ንተቅዋ ከም መዐቀኒ ናይ ብሉጽነት ዝገበረ (መዓልቲ ንዘክር)። ኣብነት ናይዚ፣ ነቢይ ንኡሳማ ወዲ ዘይድ ኣብ ፈረሱ ብምውጣሕ ማዕርነት ኣርኣዩ፣ ገለ ካብቶም ናይቲ ዘመን ሓለፍቲ ንነቢይ  ነጽልኡ ከም ሂያብ ምስ ሃበ፣ እቲ ነቢ ነቲ ሂያብ ኣብ ቅድሚ ኩሎም ተዓዘብቲ ንኡስማ ሃቦ እሞ፣ እዚ ድማ ጭብጢ ናይ ማዕርነት ኣብ መንጎ ኩሎም ደቂ ሰባት ኮነ። እታ ዓመት`ቲኣ፣ ዓመተ-ናጽነት፣ ጊላ ናጻ ናይ ምውጻእን ዓመት ነበረት። ብርኪት ዝበሉ፣ ወነንቲ ጊላታት ናይቲ ዘመን`ውን፣ ብዝራኣይዎ ምንቁሲቃሳት ናይ ምሕራር ናይ ጊላታት፣ ኣብቲ እዋን ናይ ሓጅ ንጊላታቶም ናጻ ለቀቑ። እምበኣርከስ፣ እዚ ኪብሪታትን ብሊጫታትን ንወዲ ሰብ ክብሪ ዝልጊስ ኮይኑ፣ ካብቲ ዓንኬል ናይ ጽበት ናይ ጃሂልያ`ውን ኣናጋፊ ኢዩ። እምበኣርከስ፣ ሓጂ ዓለምለኻዊ ኣስላማዊ ዋዕላ ኮይኑ፣ ቀንዲ ብሊጭኡ፣ ንኡማ ጠርኒፉ ከሐድሳ ዝኽእል ኣብነታዊ ትምህርቲ ኢዩ።

## 7. ካብ ዘሻርኹ ኣህዛብ ናጻ ምዃን

ሓጅ ካብ ዝእዘዝ ናይ ተውሒድ ዓንቀጽ እዩ። ደቂ ሰባት ድማ ኩሉሻዕ ካብ ተውሒድ ናብ ሽርኪ ዝዘጥሉ ግዜያት፣ ናይ ኣላህ ሸሪዓታት ናብቲ ሓቂኛ እምነት ንኽመልሳ (በብግዜኡ) መጺኦን። እዚ ጥራይ ዘይኮነ፣ ብቐንዱ`ውን ነቲ ሰብ-ሽርኪ ዘጽንሕዎ ንተውሒድ  ዝጻረር ዝኾነ ግብሪታት-ዒባዳ ንምምጓት ኢዩ ዝወረደ። ነዚ ኣመልኪቱ ኢብን ኣልቀዪም ነዚ ዝስዕብ ይብል፡

> **"ሸሪዓ ዝቆመ፣ ነቲ ናይ ሙሽሪኪን ጌጋታት፣ ብፍላይ ከኣ ናይ ኣብ ተግባራት ዒባዳት ንምጽራርዎም ኢዩ ዝዓለመ።"** ታህዚብ ኣሱነን

ከም ኣብነት ከኣ እዚ ዝስዕብ ጭብጢታት ንርኢ

- ኣብ ተልቢያ ምጽራር፣
  ናይ ሙሽሪኪን (ላ ሸሪከን ሁዋ ለካ ተምሊክሁ ወማ መለክ) ናይ ሙስሊሚን፣ ናይ ተውሒድ ተልቢያ ግን (ለበይክ ላ ሸሪከ ለክ)
- ኣብ ቤት-ኣላህ ጥራሕካ ኮይንካ ጠዋፍ ምሕራም።
  ሰባት ኣብ ግዜ ጃሂልያ፣ በቲ ቁሬሽ ዘውጽዎ ፍሉይ ቀይዲታት፣ ዝለብስዎ ክዳውንቲ ካብ ዘይረኽቡ፣ ጥራሕ ነብሶም ይጥዉፉ ነበሩ። ገጣሚት ትብል፡ (ትርጉም)

"ሎሚ ኩሉ ይርአ ወይ ገሊኡ
ነቲ ዝተራእየውን ኣይፊቀዲን ኢዩ"

- ኣንጻር ቁሬሽ ኢፋዳ ካብ ዓረፋ ምጅማር
  ቁሬሽ፣ ብሰንኪ ትዕቢትን ስምዒት ልዑላዊነትን፡ ቁሬሽ ካብ ካልኦት ሰባት ተፈልዮም ካብቲ ዙርያ ናይቲ ሓረም ጥራይ ኢፋዳ ትገብር ነበረት።
- ኣንጻር እቶም ሙሽሪኪን ካብ ሙዝደሊፋ ድሕሪ በርቂ ጸሓይ ምድፋእ፣ ንሶም ቅድሚ በርቂ ጸሓይ ይጓዓዙ ነብሩ።
- ብነቢ ነቲ ዝነበረ (ሞባእ) እቶታት ናይ ጃሂልያ ምስራዝ፣
  ከምቲ ነቢ (ሰዓወ) ዝበለዎ ኣብ ሓጀት ወዳዕ፣
  "ኩሉ ናይ ጃሂልያ ነገር ዘበለ ኣብ ትሕቲ እግረይ ተረጊጹ እነሆ"
  ነዚ ኣመልኪቱ፣ ኢብን ተይምያ ነዚ ዝስዒብ ይብል፣ "እዚ ዘረባ (ናይ ነቢይ) ንኹሉ እቲ ዝነበሮም ልምድታትን ኣማላኽታን ዘጠቃለለ ኢዩ።"[5]

## 8. <u>ሓጅ ምልመላ ንጽህናን፣ ምርግጋጽ ምክትታልን ኢዩ</u>

ንሒግታት ሽሪዓ ዝተዓዘብ፣ ኣብ እምነታውን ዒባዳውን ሸነኻቱ፣ ኣብ ሰለስተ ዓይነት ሙራቀባ (ምክትታል) ዝተመስረት ከምዝኾነ የስተብህል። ንሳቶም ከኣ፡

- ባዕላዊ ቁጽጽር፣ ወዲ ሰብ ንባዕሉ ዝቆጻጸረሉ ኮይኑ፣ ቦትኡ ኣብ ልብን ኣብ ውሽጢ ነብስን ይርከብ።
- ሕብረተሰባዊ ቁጽጽር፣ እቲ ኣብ ከባቢና ዘሎ ማሕበረ-ሰብ ባዕሉ ዝሓንጸጾ ሕጋጋት።
- ናይ ኣላህ ቁጽጽር፣ ልዑሉ ቁጽጽር ኮይኑ፣ እቲ ኣማኒን ተገዛእን ንረቡ ጥራይ ተማእዚዚ ይኸውን።

ኣላህ ይብል፡

**"ስርሑ'ሞ ኣላህሲ ነቲ ስራሕኩም ክርእዮ ኢዩ ከምኡ'ውን እቶም ልኡኻንን እቶም ምእመናን፣ ናብቲ ፈላጢ ስቱር ነገራትን ግሁድን ድማ ክትምለሱ ኢኹም፣ እሞ ከዘንትወልኩም ኢዩ ነቲ ትገብርዎ ዝነበርኩም (በል)።"** ኣል ተውባ

ሓጅ፣ ከም ኣምር፣ እቲ ዝለዓለ ጥርዚ ዘለዎ ናይ ነብሰ መቋጻጸሪ ዝፈጥር ኢዩ። ቅድሚ ኩሉ ነገር፣ ወዲ ሰብ ተቋጻጻሪ ነብሱ ኢዩ። ነቲ ናይ ኣላህ ቁጽጽር ድማ ይዕዘብ እሞ፣ ካብቲ ኣላህ ዝኸልከሎ ኩነት ከይርኣይን ከምኡ'ውን ኣብቲ ኣላህ ዝኣዘዞ ኩነት ከይሰኣን ይጽዕር።

ከምኡ'ውን፣ ምእመና ኣብ ሓጅ ነንሕድሕዶም ክቋጻጸሩ እንከለዉ ኢዩ። ሓጂ ድማ፣ ብሳላ ኣልኣምር ቢልማዕሩፍ ወነሂ ዓን ኣልሙንከር (ምትብባዕ ሰናይን ምጉኒዳብ እከይን) ዓቢ ግደ ናይ ሙቅጽጻር ኣለዎ።

ኣላህ ይብል፡

---

[5] ህዚብ ኣሱነነ 3/309

**"ዝኾነ እቲገብርዎ ሰናይ ከኣ፣ ኣላህ ይፈልጦ ኢዩ።"** ኣል-በቀራ 197

ከምኡ'ውን፣ ሓጅ ናይ ውሽጣዊ ጎድንታት መምሃርን መስተምሃርን ኣለዎ። ሽሪዓ፣ ንልባዊ ዝኾነ ድልየታት ሕማቅ ድልየታት ወይ ትምኒታት ምስ ዝኸውን ይሕርም እዩ። ኣላህ ይብል፡

**"ነቲ ኣብኡ ሕማቅ ድሌታት ክፍጺም ዝብህግ ከኣ ካብቲ ኣቀንዛዊ ስቃይ ከነጥዕሞ ኢና።"** ኣል-ሓጅ 25

ኣብዚ ጉዳይ እዚ፣ እቲ ልዕሊ ኩሉ ጎሊሑ ክረኤ ዝኽእል፣ እቲ ኣብ ትግባሬ ሓጅ ሰብኣይን ሰበይትን ምትሕውዋሶም ክኸውን እንከሎ፣ ጾታ ዝፈላሊ ቦታ ከምዘየለ መጠን፣ ብፍላይ ኣብ ቦታ ጠዋፍ ናይቲ ቤት ኢዩ።

ግናኸ ወዲ ሰብ ብሳላ ትዕድልቲ ወይ ህላወ ባዕላዊ ቁጽጽር፣ ነቲ ናይ ልዑል ኣላህ ቁጽጽር ቅድሚ ኹሉ ርእዩ ይእገደ (ካብ ሕማቅ ግብሪታት)።

## 9. ሞራላዊ ምኹስኳስ

ሓደ ካብቲ ዝበለጸ ናይ ሓጅ ትምህርትታት፣ ሞራላዊ እሩምነትን ብዝበለጸ መልክዑ ምንባይ ኢዩ። ኣብዚ ዝስዕብ ከኣ ይረኣ፣

- ምትግባር ጽፈትን እሩምነትን፣ ንኩሉ እከይን ብልሽውናን ድማ ምግዳፍ። እዚ ዝኾነሉ፣ ኣብ ግዜ ሓጅ ምውሳብን፣ ጾታዊ ርክብን ከምኡ'ውን ቅድመ-ጾታዊ ርክብ ዝግበር ነገራትን እጉድ ስለ ዝኾነ ኢዩ። ኣላህ ይብል፣
  **"ጾታዊ ርክብን ዘረባን ዘይምእዛዝን የለን"** ኣል-በቀራ 197
- ሕርቃን ምውሓጥ፣ ክትዓትን ህልኽን ምግዳፍን፣
  ኣላህ ይብል፡
  **"ክትዕ ውን የለን።"** ኣል በቀራ 197
- ኣንነት ገዲፍካ ምስ እኩብ ማሕበረ-ሰባት ምውሳእ።
- ህድኣትን፣ ርግኣትን፣ ቀስታን ምዝውታር። ነቢይ ሙሓመድ (ሰዓወ) ይብል፡
  **"ኣቱም ሰባት፣ ህድእ በሉ ጽድቅስ ብምህዋኽ ኣይኮነን።"** ቡኻሪ 1671
- ብኣካልን ገንዘብን፣ ለጋስን ጻዕሬኛን ምኳን።
- ብዝገበርካዮ ጌጋ ምእራምን፣ ናይ ጌጋ ሳዕቤናት ምርዳእን (ከምቲ ኣብ "ፊድያ" ዝግበር)
- ሓጅ፣ ብፍላይ ንሰብ መዝን ስልጣንን፣ ትሕትናን ምቅልልናን ይህብን ይምህርን።
- ተጻውርነት ምጥራይ፣ ብቀንዱ ሓጅ ምግባር ማለት ካብ ዓይነታት ናይ ጂሃድ ስለ ዝኾነ፣ ወላኳ ኩናት ኣይሃልዎ። ከምቲ ነቢይ ሙሓመድ (ሰ.ዓ.ወ.) ንዓኢሻ (ረ.ዓ.) ዝበላ፣ ከምቲ'ውን ካብ ሑሴን ወዲ ዓሊ ዝተመሓላለፈ ሰነድ፣

**"ሓደ ሰብኣይ ናብ ነቢይ ሙሓመድ መጺኡ፣ ኣነ ጃጃዊን ሰነፍን እየ በሎ። ነቢ ከምዚ ክብል መለሰሉ፣ "እሞ ናብቲ ሓደጋ ዘይብሉ ጂሃድ ኪድ፣ ናብ ሓጅ በሎ።"** ረዋሁ ኣጠበራኒ 2910/2

10. <u>ምርግጋጽ ዓለማውን ሃይማኖታውን ዝምድናታት</u>

ሓጅ፣ ቦታ ናይ ዝኽሪ ብመልክዕ ታህሊል፣ ተስቢሕ፣ ታሕሚድ፣ ተክቢርን ኢዩ። ኣብ ጎኒ እዚ`ውን ተጻርሮ ዘይብሉ፣ሓጅ ወቅቲ ናይ ንግዳዊ ምልውዋጥን ቑጥባዊ ምንቅስቃሳትን ኢዩ። ኣላህ ይብል፡

**"(እቶም ሓጃጂን) ምእንቲ ንዓኣቶም ረብሕ ክረኽቡን፣ ኣብ ውሽጢ ዝተቖጸሩ መዓልታት ውን ብሰንኪ`ቲ (ረቢ) ዝቀለቦም ካብ ጥሪታት ንስም ኣላህ ክዝክሩን። እሞ ካብኣተን ተመጊቦም ነቲ ዝባተኸን ዝደኸየን ከኣ ካብኣተን ኣዐንግሉ።"** ኣልሓጅ 28

11. <u>ዓቕሚ ናይ ዲሲፕሊን ስርዓትን ምድልዳል</u>

እዚ ኣምር ክዉን ዝኾነሉ ምኽንያት፣ ካብ ምጥሓስ ሕጊ ወይ ምስ ሽሪዓ ከይተጻረር፣ ህላወ ናይ ስሩዕ ዝኾነ ናይ ግዜን ቦታን፣ ከምኡ`ውን ናይ መምርሒ ሽዓኢር (ግብሪታት-ጽድቂ)፣ (ምስ ዝጻረር`ውን) መቋሕን ኣራሚን ናይቲ ጉድለት ተወሳኺ ደንቢታት ስለ ዘሎ፣ እዚ ነገር፣ መንፈስ ናይ ሓፈሻዊ ዲሲፕሊን ኣብ ሂወት ደቂ ሰባት ክዘርእ ይክእል።

12. <u>ምስ ዝሓለፉ ወለዶታት ርክብን መንፈሳዊ ምስናያትን ይፈጥር</u>

ኣላህ ይብል፡

**ነቲ ቤት መዓልቦ ንደቂ ሰባትን ኣማንን ገበርናዮ። ካብቲ መቖሚ ናይ ኢብራሂም ከኣ መስገዲ ሓዙ፣ ንኢብራሂምን ኣስማዒልን`ውን ሕድርኹም፣ ቤተይ ኣንጽሁለይ ነቶም፣ ጠወፍትን፣ ዓከፍትን፣ ተምበርከኽቲን፣ ሰገድትን።"** ኣልበቀራ 125

ብሸነኽ የሁድን ነሳራን ናይ ወለዳዊ ዝኾነ ዝምድና ኣለና ይበሉ ደኣምበር፣ ሙስሊሚን ዝያዳ ኩሉ ሰብ ምስ ኢብራሂም ዝምድና ኣለዎም። ኣላህ በለ፡

**"እቶም ዝያዳ ንኢብራሂም ዝብጽሕዎ እቶም ዝተኸተልዎን፣ እዚ መሃይም ነብን፣ እቶም ዝኣመኑን እዮም። ኣላህ ከኣ ጸግዒ ምእመና ኢዩ።"** ኣልዑምራን 68

13. <u>(ኣብ ሽዓኢር) ምቅላልን ዘይምግዳድን</u>

- ግዴታ ናይ ሓጅ ኣብ ክእለት ኢዩ ተሰሪቱ። ኣላህ ይብል፣ **"ወፍሪ ሓጅ ነቲ ናብኡ ዝኽኣለ ጥራይ ኢዩ።)**
- ኣብ ንሱክ (ተግባራት-ሓደ) ናይ ሰባት ኩነታት ብምርኣይ እኹል ምርጫታት ምቅራብ ከም (ኢፍራድ፣ ተመቱዕ፣ ቂራን)

ነቢይ ሙሓመድ ውን (ሰዓወ) ብዛዕባ ተግባራት ሓጅ ዝተሓተቶ ሕቶ (ይቕደም ይደንጉይ)፣ ከም መልሲ **"ኣተግብር ከይተሰከፍካ"** ከምኡ`ውን ኩሉ እቲ ሽዓኢር ናይ ሓጅ ብምስትብሃል ምስ ንዕዘቦ፣ ፍኩሰትን ቅለትን መሰጋገሪ ዘለዎን ኮይኑ ንረኽቦ። ከም ኣብነት፣ ክልተ ረክዓ ናይ ጠዋፍ ኣብ መንጎ ጠዋፍን ሳዕዩን ከም ዕረፍቲ፣ ተርውያ ድማ መዕረፊ ናይ ጠዋፍን ሳዕዩን ዓረፋን፣ ሙዝደሊፋ ድማ ኣብ መንጎ ዓረፋን ንድሕሪኡ ስዒቡ ዝርከብ ዓንቀጻትን የዕርፍ። ኣብ መወዳእታ፣ እታ ንእሽተይ ተሓሉል ማእከላይ መዕረፊ ኮይና ቅድመ-ዕረፍቲ ናይ ዓቢ ተሓሉልን ፈጻሚ ኢሕራምን ትኸውን ማለት እዩ። ብሓጺሩ፣ ግዜ ንስራሕ ግዜ ንዕረፍቲ

ዕረፍት ኢዩ። ኣላህ ንዓረፋ ኩሉ ቦታ ደው መበሊ፣ ንሙዝደሊፋ ከኣ ብኹሉ ቦታኡ መሕደሪ፣ ንሚና ከኣ ኩላ ቦታ ሕርዶት ገበሮ። ነቢ ሙሓመድ (ሰ.ዓ.ወ.)፣ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፣

> **"ኣብዚ ደው በልኩ፣ ዓረፋ ከኣ ኩሉ ደው መበሊ ኢዩ። ኣብዚ ደው ኢለ፣ ሙዝደሊፋ ከኣ ኩሉ ደው መበሊ ኢዩ፣ ኣብዚ ቦታ ሓሪደ ፣ ሚና ድማ ብኹላ እንዳ ሕርዶት እያ። (ኩሉ ጎደናታት መካ ከኣ መንገዲን እንዳ ሕርዶትን ኢዩ።)"** ረዋሁ ሙስሊም

14. <u>ተራ ናይ ኣመንቲ ኣሓትና</u>

ጓል ኣንስተይቲ፣ ከም ሰብኣይ ግዴታ ናይ ሓጅ ክትገብር እዚ ሃይማኖት ካብ ኣዘዘ፣ ንሳ ከም ሺርካ ናይ ወዲ ትባዕታይ ናብቲ ናብ ኣላህ ዝዓለመ ጉዕዞ ትነቅል ኢያ። እምበር፣ ንሳሲ፣ ብጸይቲ ናይ ዳዕዋን ጂሃድን እያ። ንሳ'ውን መልመልቲን ስውእትን እያ። ኣብ ሓጅ፣ ንተራ ጓል-ኣንስተይትን ብደሆኣን ዘመስኪር ናይ ተጻዋርነት ሻዓኢር ናይ ሓጅ ኣሎ፣ ብፍላይ እቲ ሳዒይ (ጉያ ዘበዘብ) ዝበሃል ሽዒራ፣ ከምቲ ሰነዳት ናይ ሃይማኖትና ዝሕብሮ፣ ተራ ናይ ኣደ ኢስማዒል፣ እቲ ዝነበረቶ ኩነታት ዘበዘብ ካብ ጎቦ ናብ ጎቦን ምስክር እዩ። ኢብን ዓባስ ይብል፡

**"(ንሳ ስለ ዝጎየየት ኢዩ) ሰባት ከኣ ኣብ መንጎ እዘን ጎቦታት ዝጎየዩ"** ረዋሁ ቡኻሪ

ብመንጽር እዚ ዝተዘከረ፣ ኣብ ኢስላማዊ-ህይወት ጓል ኣንስተይቲ ተኻፋሊት ኩሉ ከም ዝኾነት ዘርኢ ብሩህ እዩ። ኣብዚ ዝስዕብ ወን ይግሃድ፣

- ኣደ ነቲ ዝተማእዘዘ ዓባይ ጠንቂ ናይ ምእታው ናይ ጀና ኢያ። ነቢይ ይብል፣ (**ኣይትፈለያ ጀናሲ ኣብ ትሕቲ ኣእጋራ ኢዩ።**) ሰሒሕ ኣልጃሚዕ
- ሰናይ መንብሮ፣ ንኹሎም ወለዲ ብፍላይ ድማ ንኣደ ሰናይ ምንባባር፣ (ኣብዛ ኣዱንያ ብሰናይ ምስኣቶም ንበር።)
- ደቂ ኣንስትዮ ኣሓት ወዲ ተባዕታይ ኢየን፣ ጓል ኣንስተይቲ ፍርቂ ሕብረተ-ሰብ ኮይና ነቲ ዝተረፈ ፍርቂ ውን ንሳ ኢያ እተፍርዮ።
- ኣብ መንጎ ደቂ ኣንድትዮን ደቂ ተባዕትዮን ማዕረ ዝኾነ ተሓታትነት ኣሎ።
- ኣብ ሰብኣውነት ማዕረ ሙኻን።
- ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ኩሉ ጉዕዞ ናይ ዳዕዋ ትሳተፍ፣ ንሳ ፈልመይቲ ኣማኒትን ስውእትን ኢያ።
- ተሳትፎ ኣብ ሓጅ ግዴታ፣ ኣብ ጂሃድ ድማ ውልቃዊ ኩነታት ብዘፍቅዶ ወይ እስቲሕባብ (ብፍታዋ ትገብሮ) ወይ ብምፍቃድ ወይ ከኣ ኢባሓ ከተተግብር።
- ኣብ መርዓን መውስቦን ዘይምግዳዳ።
- ጓል ኣንስተይቲ፣ ናይ ባዕላ ዝተፈለየ ናይ ገንዘብ ዋንነት ኣለዋ።
- ስራሓት ኣደነትን ምልመላ ስድራቤትን'ውን ናታ ምዃኑ።
- ኣብ ሓባራዊ ጉዳያት ከም በይዓ (ድምጺ ምሃብ) ሹራ (ቤት ምኽሪ) ኣምር ቢልማዕሩፍን ናህይ ዓን ኣልሙንከሪን። ሃይማኖት ምድልዳልን ትሳተፍ።

15. <u>ቅኑዕ ሓጅ ጀና ኢዩ ዓስቡ</u>

ጽድቂ ወይ (ቢር) ክልተ ትርጉም ኣለዎ፣

- ንሰባት ጽቡቕ ምግባርን ምትሕግጋዝምን (**ጽድቂ እዩም ጠባይ ኢዩ**[6])
- ትእዛዛት ኣላህ ምትግባር ምድንፋዒን ምጥንኻርን፣ ነቲ ሓጥያት ድማ ምውጋድ።

ኣላህ ይብል፡

**"ንደቂ ሰባት ዶ ናብ ጽድቂ ምሰበኽኩም ንነብስኹም ረሲዕኩም ከለኹም (እዚ ከኣ) ነበብቲ ናይቲ መጽሓፍ እንከለኹም። ካንዶ ኣይትሓስቡን።"**[7]

16. <u>ዘምዘም (ዒላ ዘምዘም)</u>

ዘልኣለማዊ ምልክት ናይ ኣላህን ንትእምርታዊ ክእለቱን እትምስክር፣ ኣብቲ መስጊድ ሓራም እትሪከብ (ከምቲ ኣላህ ዝበሎ)፣ **"ኣብኡ ኣሎ ንጹር ኣያት"** ክሳብ ምጸኣት ዓለም እትፍልፍል ዒላ ኢያ።

17. <u>ዓቢ ዒባዳ ምስ ኣትመምካ ኢስቲቕፋር (ምሕረት ምሕታት) ቀጻሊ ልምዲ ኢዩ</u>

ኣላህ ይብል፣

**"ሽዑ ድማ ንቀሉ በቲ ሰብ ዝነቀለሉ፣ ናብ ኣላህ ድማ ተናስሑ፣ ኣላህሲ ኣዝዩ ሓዳግን ራህራሂን ኢዩ።"** 199 ኣል-በቀራ።

ኣብ መደምደምታ፣ ንስሓ ወይ ኢስትቕፋር ካብ ኣላህ ምድላይ፣ ዛዛሚ ናይ ኩሉ ጽቡቕን ሰናይን ስራሕን (ከም ሰላት ዘካት ሓጅን ካልእን) ኢዩ። ምኽንያቱ፣ ሓደ ምእመና፣ ከም ሰብ መጠን ጉድለት ስለ ዘጓንፎ፣ ሃጓፋት ከይህሉን፣ ብምንሳሕን ቶባን ነቲ ኣብ መንጎ ዝቀረቦን ዝተሓገገሉን ዘሎ ፍሊልያት ይመልእ። ኣላህ ኢዩ ድማ በዓል ምሉእ ሓይሊ።

18. <u>ናይ ዒባዳ መቃማት (ደረጃታት ናይ ኣምልኾት)</u>

ኣብ ቁርኣን ዝርከብ ጥቅሲታት ብምክቲታል፣ ብፍላይ ከኣ ነቲ ናይ ሓጅ ዝምልከትን ንኣብ ሱረት ኣልሓጅ ዝርከብን (34/37)፣ እቲ ናይዚ ናይ እስልምና ዓባይ ዝኾነት ሽዒራ (ሓጅ) ዘለዋ መቃማትን ክንዝክር ንኽእል። እዚ ዝርዝር፣ ኣሕጽሮት ናይቲ ኣቀዲሙ ዝተጠቀሰን እቲ ማንም በዓል ግዴታ ናብ ኣላህ ክስጉም ኢሉ ክበጽሖም ዘለዎም ዓንቀጻት ሰናይ-ግብርን ኣለዉ። እዚ ድማ፣ ኣብቲ ናይቲ ዝርዝር ደንቢታት ሽሪዓታትን ኢዩ። ኩሉ እዚ ድማ ኣብቲ ናይ ኣላህ ቃል ይጥቅለል፣

**"ንዓኻ ጥራይ ንግዛእ፣ ብኣኻ ጥራይ ድማ ንድገፍን"**

ብኸምዚ ዝስዕብ ከኣ፣ እሕጺርና ንገልጾ፣

- መቃም ናይ ተውሒድ፣ ሓደ ካብቲ ዝዓበየ መቃማት ወዲ ሰብ ክበጽሖ ዝኽእል ኢዩ። ክህልዎ ዝግባእን ውን ኢዩ። ኣላህ ይብል፡
  **"እቲ ፈጣሪኹምሲ ሓደ ፈጣሪ ኢዩ።"**
- መቃም እስልምና፣ ኣላህ ይቢል፡

---

[6] ረዋሁ ሙስሊም ሓ/2553

[7] ኣልበቀራ 44

**"ናብኡ ደኣ ሰልሙ።"**

- መቃም ኣል ኢሕሳን፣ ኣላህ ይቢል፡
  **"ኣበስሮም ከኣ ነቶም ሰብ-ኢሕሳን (ጽቡቅ ግብሪ)"**
- መቃም ኢኽባት፣ ኢኽባት ማለት፣ ነቲ ዝፈጠረን ሓቂ ዝኾነን ኣላህ ምቁሊልን ተማእዛዚን ምዃንን ንፉጥራቱ ከኣ ትሕትና ምርኣይን ኢዩ። ኣላህ ይብል፣
  **"ኣበስሮም ከኣ ነቶም ሙኽቢቲን ዝኾኑ።"**

ኣላህ`ውን ከምዚ ዝስዕብ እናበለ ገሊጽዎም ኢዩ፣

> **"እቶም እኳ ኣላህ ምስ ተዘከረ ልቦም ዝሰለቡ"** ምሒር እቲ ፍርሕን ድንጋጸን ልውሃትን።

ከምኡ`ውን፣

> (**"እቶም ንዘጓነፎም ዕጉሳት ዝኾኑ፣**) ብሰንኪ ምሒር ብ ኣላህ ዘለዎም ተጸግዖን እምነትን። ኣላህ ይብል፡
> **"እቶም ሰላት (ስግደት)`ውን ዘቁሙ"** ብ ኣላህ ዝተኣዘዞም ግዴታ ንምፍጻም። ከም መዛዘሚ`ውን፡ ኣላህ ይብል፥
> **"ካብቲ ዝረዘቅናዮም ከኣ (ንግብሪ ሰናይ) ዝወፈዩ። ምእንቲ ንድኹማትን ጽጉማት ጊላታት ኣላህ ከጸናንዑን ሓገዝ ክኾኑን።"**

- መቃም ሹክር፣ ምስጋና፣ ምስጋና ንኹሉ እቲ ዘይቁጸርን ዘይፍቀድን ጸጋታት ናይ ኣላህ፣ እዚ`ውን ዝዓበየ መቃም ኢዩ። እዚ ሓደ ካብቲ ዝበረኸ መሳሊል ተገዛእነት ናብ ኣላህ ጸብለል ዘብል ኢዩ። ኣላህ ይብል፣

  **"ከምኡ`ውን ምእንታኹም ፈጠርናዮ፣ ምእንቲ ከተመስግኑ።"**

**"ዛዛሚ ዱዓና፣ ኩሉ ምስጋና ይኹን ን ኣላህ፣ ጎይታ መላእ ዓለም።"**